ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ፍራንክፈርት

المجلس الوطني للارتريين فرانكفورت

Zentralrat der Eritreer Frankfurt

# ኤርትራውያን ተቐማጦ ፍራንፈርትን ከባቢኣን ብመንግስቲ ኤርትራ ዝውሰድ ዘሎ ደርማስ ጻዕርታትን ተወፋይነትን ብሙምጓስ ምሉእ ደገፎም ገሊጾም

ብዕለት 24.11.2018 ኣብ ከተማ ፍራንክፉርት፡ ብምኽንያት ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተበጺሑ ዘሎ መስርሕ ሰላምን ንዕኡ ዝሰዓበ ዞባዊ ውህደትን ብምልዓል ንኣስታት 10 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ተበይኑ ዝነብረ ዘይሕጋዊ እገዳን „ ጽንዓት ሲዒሩ“ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ፍራንክፈርት ተወደበ ዕዉት ጽንብል ተኻይዱ።

ኣብ መኽፈቲ ጽሓፊ ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ፍራንክፈርት ኣቶ ብርሃነ ኣፈወርቂ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ቃል ብድሕሪ ምስማዕ፡ ኣቦ ወንበር ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ዶክቶር ተስፋይ ዓብለሎም ናይ ዮሃና መልእኽቲ ኣስሚዑ፡ ብምቕጻል ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዝተበየነ ማዕቀብን ንዑኡ ንምቁዋም ዝተየኻየደ ዘይሕለል መከተን ኣመልኪቱ መብርሂ ሂቡ።

ብድሕሪ'ዚ ናይ ደስደስ ሕብስትን ሻምፓኛን ብምቁዳስ፡ ብህቡባት ድምጻውያን ተሰንዩ፡ ሕጉስ መንፈስ ዝዓሰሎ ብፍቅርን ሓድነትን ክዘነግዑ ኣምስዩ።

ተሳተፍቲ ጽምብል ፡ ንኣወንታዊ መስርሕ ሰላም መንግስት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኸተመ ስምምዓትን ምልዓል ዘሕጋይዊ እገዳን ብምምጓስ ምሉእ ደገፎምን ሎሚ’ውን ከም ወትሩ ሃገር ንምህናጽ ኣብ ዝካየድ ወፍሪታት ኣበርክቶኦም ንምዕዛዝ ድሉዋት ምህላዎም ብምርግጋጽ መደብ በዓል ብዉዕዉ ሃገራዊ መንፈስ ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ

ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ፍራንክፈርት '
ዕለት 24.11.2018